



# Orientation to Ontario

## ዓበይቲ ሰባት

1-855-626-0002
https://orientationontario.ca

### መምርሒ መደባትን ኣገልግሎታትን ንዓበይቲ ሰባት

ዞባዊ ሚኒስትሪ ጉዳያት ዓበይቲ፡ ንዓበይቲ ዝኸውን መምርሒ ናይ መደባትን ኣገልግሎታትን ብ16 ቋንቋታት ብጽሑፍ የዳሉ። ቅዳሕ ንምሕታት፡ በዚ ዝስዕብ ቴለፎን ናብቲ ናይ ዓበይቲ ሰባት መስመር ሓበሬታ (INFOLine) ደውል 1-888-910-1999 ። ብዛዕባ ደገፋት ንዓበይቲ ዝምልከት ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ኣብዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከስ ontario.ca

### ጉዳይ ኣባይቲ

#### ምርዓም ገዛ

ብዙሓት ዓበይቲ ሰባት ኣብ ናይ ባዕሎም ገዛውቲ ክቕመጡ እዮም ዝደልዩ። ምምሕዳር ኦንታርዮ ድማ፡ ዓበይቲ ሰባት  ነብሶም ክኢሎም መታን ክነብሩ፡ ኣባይቶም ንምጽጋን ዝሕግዞም ፋናንሲያዊ ደገፍ ይቕርበሎም እዩ። ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ኣብዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከስ findlink.at/homeadapt

#### ኣነባብራ ማሕበረሰባት

እዞም ማሕበረሰባት እዚኣቶም፡ ጥሮተኛታት ነብሶም ክኢሎም ዝነብሩሎም መንበሪታት እዮም። ናይ ከተማ ኣባይቲ፡ ናይ ኮንዶሚነም ኣባይቲን ንኣሽቱ ገዛውትን ድማ፡ እቶም ኣብ ምርጫታት መንበሪ ዝጠቓለሉ እዮም። ነበርቲ ናይዚ ኣባይቲ'ዚ ንኹሉ ወጻኢታት ባዕሎም ይሽፍኑዎ። ማሕበራውን ናይ ምዝንጋዕን ንጥፈታት ድማ ኣብቲ ህጻናታት ኣለው።

#### Retirement Homes (ናይ ጥሮታ ገዛውቲ)

ናይ ጥሮታ ገዛውቲ ብሕታዊ ቢዝነስ ኰይኑ፡ ንዓበይቲ ሰባት መንበሪ ገዛውቲ፡ ናይ ደገፍ ኣገልግሎታትን ዉልቃዊ ክንክንን ይቕርብ። እዞም ገዛውቲ እዚኣቶም፡ በቲ ናይ መንግስቲ ኦንታርዮ

Retirement Homes Regulatory Authority (RHRA (በዓል-መዚ ተቖጻጻራይ ናይ ጥሮታ ገዛውቲ)) ፍቓድ ዝተዋህቦም እዮም። ዝርዝር ኣብ በብከባቢኡ ንዘለዉ ናይ ጥሮታ ኣባይቲ ንምፍላጥ፡ ኣብዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተከወስ rhra.ca

### ኣማራጺታት ክንክን

ብዛዕባ እዞም ዝስዕቡ ኣማራጺታት ናይ ክንክን ዝምልከት ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ናይ Ministry of Health and Long-Term Care (ሚኒስትሪ ጥዕናን ክንክን ነዊሕ እዋንን) በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከስ findlink.at/senior

- ናይ ገዛ ክንክን፡ ከም ነርሳትን ፊዝዮተራፒኛታትን ዝበሉ ሰብ-ሞያ ጥዕና ናብ ገዛ እናመጹ ዝህቡዎ ክንክን፡ ከም ሓገዝ ኣብ ጽሬት ኣካላት ዝበለ ዉልቃዊ ክንክን፡ ከምኡ ድማ ከም ምክሻን መግቢን ምሕጻብ ክዳውንቲን ዝበሉ ንጥፈታት ኣብ ዝሓቁፍ ኣተሓሕዛ ገዛ ሓገዝ ምሃብ የጠቓልል።
- Assisted Living Services (ኣገልግሎታት መንበሪ ንዓበይቲ ሰባት)፡ ንጸገማት ቅሉዓት ወይ ተነቀፍቲ ዝኾኑ ዓበይቲ ሰባት ኣብ ቆጸራኦም ናብ ሕክምና እናመላለሰን ዝተኣዘዘሎም መድሃኒት ከምዝወስዱዎ እናገበረን ኣብ ገዝኦም መነባብሮኦም ንኽቕጽሉ ይሕግዝ።
- Community Programs (መደባት ማሕበረሰብ)፡ ክትትል ዝግበረሉ መደባት መዓልቲ ዓበይቲ፡ መግቢን ኣገልግሎታት መጓዓዝያን የጠቓልል።

Long-term Care Homes (ገዛውቲ ክንክን ነዊሕ-ግዜ)፡ 24 ሰዓት ናብዮት ወይ ክትትል ንዘድልዮም ዓበይቲ ሰባት ዝኸውን መንበሪታት እዩ። እዞም መንበሪታት እዚኣቶም፡ ካብ  Ministry of Health and Long-Term Care (ሚኒስትሪ ጥዕናን ክንክን ነዊሕ ግዜን) ፍቓድ ዘለዎም እዮም። ነበርቲ ናይቲ መንበሪ ጥራይ እዮም ዝኸፍሉ — ወጻኢታት ናይቲ ዝወሃቦም ክንክንን ዉልቃዊ ኣገልግሎታትን ብዞባዊ ምምሕዳር እዩ ዝሽፈን። ኣብ ከባቢኻ ናይ ነዊሕ ግዜ ክንክን ዝወሃበሉ ገዛ ንምርካብ፡ ኣብዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከስ findlink.at/longcare

መዘኻኸሪ፡- ክንክን ወይ ኣልያ ንምርካብ እታ ቀዳመይቲ ክትውሰድ ዘለዋ ስጉምቲ፡ ነቲ ኣብ ከባቢኻ ዘሎ Local Health Integration Network (LHIN ዞባዊ ዉህደት መርበብ ጥዕና)) ምርካብ እዩ።



Funded by / Financé par :

Ontario

Immigration, Refugees and Citizenship Canada

Immigration, Réfugiés et Citoyenneté Canada

በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ድማ ተወከሶ ccac-ont.ca ወይ healthcareathome.ca

## መልዕሎታት

### Old Age Security (OAS ) Pension (ጡረታ ውሕስነት እርጋን)

OAS (ዉሕስነት እርጋን)፡ 65 ዓመት ወይ ልዕሊኡ ዕድመ ንዘለዎም ሰባት ወርሓዊ ዝወሃብ ክፍሊት እዩ። ንክፍሊት OAS ብቑዕ ንምዃን ድማ፡ 18 ዓመት ድሕሪ ምእካልካ ኣብ ካናዳ ን10 ዓመታት ወይ ልዕሊኡ ዝተቐመጥካ ክትከውን ኣለካ።

### Guaranteed Income Supplement (GIS (ውሑስ መመላእታ እቶት))

እንተድኣ ትሑት ኣታዊ ዘለካ ተቐባሊ ክፍሊት መልዕሎ OAS ኮይንካ፡ ንዉሑስ መመላእታ ኣታዊ (GIS) ብቑዕ ክትከውን ትኽእል ኢኻ። ብዛዕባ OAS ን GIS ን ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ኣገልግሎት ካናዳ ተወከስ.

በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ኣቲኻ ተመልከት servicecanada.gc.ca ወይ ድማ በዚ ቴለፎን'ዚ ደውል 1-800-277-9914።

መዘኻኸሪ:- ክፍሊት መልዕሎ ናይ OAS ን GIS ን ንምርካብ ብመገዲ ServiceCanada (ኣገልግሎት ካናዳ) ኣቢልካ ክተመልከት ኣለካ – እዞም ናይ መልዕሎ ክፍሊታት ብኡ ንብኡ ኣይኮኑን ዝወሃቡኻ።

### Guaranteed Annual Income System (GAINS (ውሑስ ስርዓት-ዓመታዊ እቶት))

እንተድኣ ክፍሊታት መልዕሎ ናይ OAS ን GIS ን ትቕበል ኣለኻ ኰይንካ፡ ከምኡ ድማ እንተድኣ ጠቕላላ እቶትካ ካብቲ በታ ዞባ ዝተዋሕሰ ደረጃ ዝትሕት ኮይኑ፡ ብኡ ንብኡ ነዚ ዞባዊ መደብ መመላእታ ኣታዊ ብቑዕ ክትከውን ትኽእል ኢኻ።

ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፡ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ናይ Ministry of Finance (ሚኒስትሪ ፋይናንስ) ተወከስ ontario.ca ወይ በዚ ቴለፎን'ዚ ደውል 1-866-668-8297

### Canada Pension Plan (CPP(መደብ ጡረታ ካናዳ))

CPP፡ ጡረታ ንዝወጽኡ ዜጋታትን ንቐወምቲ ነበርቲን እዩ ዝወሃብ። ኣብ ካናዳ፡ ሰራሕተኛታት ብመገዲ ስርዓት ናይ ቀረጽ እቶት (income tax system) ኣቢሎም ኣብቲ መደብ ግዱድ ኣበርክቶ ይገብሩ። ጡሮታ ምስ ወጻእካ፡ CPP ንምርካብ ክተመልከት ትኽእል ኢኻ።

መጠን ናይቲ ወርሓዊ ዝወሃበካ ክፍሊት፡ ኣብ መጠን ናይቲ ዝገበርካዮ ኣበርክቶ እዩ ዝምርኮስ። ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ካናዳ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከስ findlink.at/CPP

### Ontario Drug Benefit Program (መደብ ረብሓታት መድሃኒት ኦንታርዮ)

እዚ መደብ እዚ፡ ንወጻኢታት ናይቲ 65 ዓመት ወይ ልዕሊኡ ዕድመ ንዘለዎም ነበርቲ ኦንታርዮ ዝእዘዘሎም መድሃኒታት ይሽፍን። ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ ኣብዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከስ findlink.at/ODB ወይ ድማ በዚ ቴለፎን'ዚ ደውል 1-866-532-3161።

## ዓመጽን ድሕነትን ዓበይቲ

ዓመጽ ሽማግለ ሰብ ማለት፡ ዝኾነ ንኡነታት ጥዕና ዓቢ ሰብ ዝጐድእ ተግባር ኮይኑ፡ ንፋናንሲያዊ፡ ስምዒታዊ፡ ኣካላዊ ወይ ጾታዊ ዓመጽ ከጠቓልል ይኽእል። እዚ ከኣ ኣብቲ ማሕበረሰብ ኣብ ዉሽጢ ገዛ ወይ ካብ ገዛ ወጻኢ ኪጋጥም/ክፍጸም ይኽእል።

እንተድኣ ንስኻ ወይ ካልእ እትፈልጦ ዓቢ ሰብ ግዳይ ናይቲ ንዓበይቲ ዘጋጥሞም ዓመጽ ኰይንኩም፡ ሓገዝ እትረክቡሉ መገዲ ኣሎ።

- The Senior Safety Line (መስመር ድሕነት ዓበይቲ ሰባት)፡ ኣብ መዓልቲ 24 ሰዓታት ብልዕሊ 150 ቋንቋታት ገይሩ ሓበሬታ፡ ዉክሳታትን ደገፋትን ይህብ። ዓመጽ ምስ ዘጋጥመካ እውን ክትሕብር ትኽእል ኢኻ። በዚ ዝስዕብ ቴለፎን ደውል 1-866-299-1011።

## ኣገደስቲ ምንጪታት ሓበሬታ

- እንተድኣ ህጹጽ ሕክምናዊ ረድኤት ዘድልዮ ጥዕናዊ ጸገም ኣለካ፡ 9-1-1 ደዊልካ ኣምቡላንስ ሕተት።
- ብዛዕባ ኣብ ከባቢኻ ንዓበይቲ ሰባት ዝምልከቱ መደባት ማሕበረሰብን መዘናግዒን ዝምልከት ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፡ 2-1-1 ደውል።
- ብመሰረት ናይ ኦንታርዮ (ሕጊ ሰብኣዊ መሰላት)፡ ብምኽንያት ዕድመኻ ዘይፍትሓዊ ኣተሓሕዛ ኣይግበረልካን እዩ። ናብ Ontario Human Rights Commission (ልኡኽ መሰል ሰብ ኦንታርዮ) ኬድካ ተወሳኺ ሓበሬታ ኣንብብ:-ohrc.on.ca

> **ኣገዳሲ መዘኻኸሪ**
>
> ገበነኛታት ናይ ምትላል ተግባራት ንምፍጻም፡ ዝበዝሕ ግዜ ንዓበይቲ እዮም ግዳይ ዝገብሩ። ንኣብነትኻን ንኻልኦትን ካብ ገበነኛታት ብኸመይ ከምእትከላኸል ንምፍላጥ፡ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ኣብ Canadian Anti-Fraud Centre (ማእከል ጸረ-ምትላል ካናዳ) ተወከስ:- antifraudcentre.ca



> **ትፈልጥ ኔርካ ዶ?**
>
> ዳርጋ ንኹሎም መደባት መንግስቲ ሕጋዊ ሰብ ንምዃን፡ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ዓመት ናይ ዉልቅኻ ተመላሲ ቀረጽ ኣታዊ (income tax return) ከተመልከት የድልየካ።



